# ተጋዳላይ ግዳይ ድዩ ወይስ ጠንቂ

## ናይቲ ጉዕዙይ ህግደፋዊ ፖሊሲ

**ታደሰ ኪዳነ     በርሚንግሃም                    ሕዳር 24 2015**

ብዙሓት ሰባት “እዚ ሕቶ`ዚ ክለዓል`ውን ኣይነበሮን” ከም ዝብሉ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እንተኾነ ብገለ ሰባት ንክብርን ተራን ተጋደልቲ ዘቛሽሽ ዘረባታት ይስማዕ ስለ ዘሎ፡ ብዛዕብኡ ቁሩብ ምዝራብ ጽቡቕ እመስለኒ። እዚ ዘረባታት`ዚ ካብ ነጻ ርእይቶ ናይ ውልቀ ሰባት ዝሓልፍ፡ ሓቦን ጽንዓትን ተጋዳላይ በዚ ሓድሽ ወለዶ ንኸይውረስ፡ ኮነ ኢሎም ነቲ ጉዳይ ብውሽጢ ውሽጢ ዘካውሱ ናይ ውሽጥን ወጻእን ሓይልታት ክህልዉ`ውን ስለ ዝኽእሉ፡ ከም እዋናዊ ዛዕባ ኣልዒልካ እንተ ተዘርበሉ ሓጋዚ ኢዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። እቲ ጽሑፍ ከይነውሕን፡ ንኣንባቢ መታን ክጥዕምን ድማ ኣብ ሰለስተ ክፋላት መቓቒለ ከቕርቦ ኢየ። ከም መጀምሪ ናይ ጽሑፈይ ድማ ኣብዚ **ቀዳማይ ክፋል** ብመንነት ተጋዳላይ ክጅምር ኢየ።

### ተጋዳላይ መን`ዩ?

ተጋዳላይ፡ ገድሊ ወይ ምግዳል ዝብሉ ሓረጋት፡ ካብቲ ገደል ዝብል ናይ ትግርኛ ሱርወ ቃል ዝመጽአ እመስለኒ። እቲ ገደል ዝብል ቃል ድማ ንሓደ መውረድን መደየብን ዘይረኣየሉ ጸድፊ ዝወሃብ ቃል ኢዩ። ኣብ ንቡር  እዋን ብገደል ወይ ብጸድፊ ክሰግር ዝደሊ ሰብ የለን። ምናልባት እንተልዩ`ውን ሳዕቤኑ ዘይርዳእ ዝተጻለለ ወይ ዝሰኸረ ሰብ ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዘለዎ። ናብ ጸድፊ ወይ ገደል ዝኣቱ ሰብ ድማ ብህይወት ክወጽእ ዘለዎ ዕድል ኣዝዩ ውሱን ኢዩ። በቲ ገደል ሸለው ኢሉ ሸክና ርእሱ፡ መሰናግልኡን መሓውሩን ተሰባቢሩ ይመውት። ዝተሰብረ ኣካላቱ ኣብ ሞት ዘየብጽሖ እንተኾይኑ ድማ ንምሉእ ህይወቱ ምስኡ ዝኸይድ ስንክልና ይህልዎ። ብገደል ሸለው ድሕሪ ምባሎም፡ ጫፍ ናይ ገረብ ሒዞም ዝድሕኑ፡ ኣብ ሑጻ ወይ ድኹም ሓመድ ዱብ ኢሎም ብህይወት ዝተርፉ ሰባት`ውን ሳሕቲ ኣይሰኣኑን ኢዮም።

ተጋዳላይ እምበኣር፡ ብሕማም ኣእምሮ ዘይኮነስ፡ ገና ኣብቲ ንኡስ ዕድሚኡ፡ ብጓኖት ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ክወርድ ብዝረኣዮ ግፍዒ፡ ዓመጽን ማእሰርትን ቅትለትን ህዝቡ ስለ ዘየቕሰኖ፡ ንኩሉ ናይ ህይወት ምርጫታት ንድሕሪት ገዲፉ፡ ሃጽ ኢሉ ናብ ገድሊ (ናብቲ ገደል) ዝወፈረ ሰብ ኢዩ። እዚ ክገብር ከሎ ድማ ሞትን ስንክልናን ከም ዘጋጥሞ ይፈልጥ ነይሩ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንገፋዕትን ቀተልትን ቀቲሉ፡ ሕነ ህዝቡ ክፈዲ፡ ኣብ መቓብር ጸላእቱ ንሱ`ውን ተቐቲሉ፡ ናእሽት ኣሕዋቱ ብሰላም ክነብሩ ስለ ዝደለየ ጥራይ ኢዩ። ተጋዳላይ ብመስዋእቱ ራህዋ ከምጽእ ናብቲ ገድሊ (ገደል) ዝኣተወ እምበር፡ ከምቲ ገሊኦም “ምቅንጃው ገድሊ . . “ እናበሉ ዘባጭውሉ ካብ ሞትን ስንክልናን ጉንያ ክረክብ ስለ ደልዩ ናብ ገድሊ ዝወፈረ ኣይኮነን።

ኣገባብ ኣሰላልፋ ተጋደልቲ ዝፈላለ`ኳ እንተኾነ፡ ሓንሳብ ኣብቲ ገድሊ ምስ ኣተዉ፡ ኩሎም ነቲ መትከል ኣጽኒኦም ስለ ዝሓዝዎ ጥራይ ከኣ ኢዩ፡ እቲ ሕሱም ጸላኢና ካብ ሃገርና ክባረር ዝኸኣለ። ነዚ ዘምጻእኩዎ፡ ገለ ምስሉያት ስም ተጋዳላይ እናኣልዓሉ ቦጨቕ ዘብልዎ ዘይውርዙይ ዘረባታት ስለ ዘሎ ኢዩ።

ተጋዳላይ ዝብል ቃል እምበኣር፡ ነቲ ካብ ባሕቲ መስከረም 1961 ዓ.ም ክሳብ ምሕራር ከተማ ዓሰብ (ግምቦት 1991 ዓ.ም) ኣንጻር መግዛእቲ ዝቖንዐ ብረት ዝተሓንገጠ ኤርትራዊ ዝወሃብ ስም ኢዩ። ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ዝተፈላለየ ኣስማት ዝሓዘ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ነይሮም`ኳ እንተኾኑ፡ መብዛሕትኦም ተጋደልቲ ግን ኣብ ህዝባዊ ግምባርን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ምንባሮም ዘካትዕ ኣይመስለንን። ሎሚ እቶም ቀንዲ ግዳያት ኮይኖም ዘለዉ ግን፡ ኣቶም ንኹሉ ሽግራት ተጻዊሮም፡ ስኖም ነኺሶም፡ ክሳብ መዓልቲ ናጽነት ዝመከቱ ሎሚ ኣብ ምሽምጋል ዘለዉ ኣባላት ህዝባዊ ግምባር ዝነበሩ ተጋደልቲ ኢዮም።

ተጋደልቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ካብ 1981 ዓ.ም ክሳብ ዕለተ ናጽነትን ድሕሪኡን ኣብ ተመሳሳሊ ጸገም ከም ዝነበሩ ክዝከር ይግባእ። እንተኾነ ኣብተን ዝሓለፋ ዓሰርተ ናይ ቅድሚ ናጽነት ዓመታት (1981 – 1991) ንብዙሕ ሽግራትን ስደትን ሰጊሮም፡ መብዛሕትኦም ንቡር ሲቪላዊ ህይወት ሰሪዖም ዝነበሩ እመስለኒ። ብኸምኡ ከኣ ኢየ ኣብቶም ናይ ድሕሪ ናጽነት ግዳያት (ተጋደልቲ ህዝባዊ ግምባር) ከተኩር ዝመረጽኩ። እዚ ክጽሕፍ ከለኹ ግን፡ ብዙሓት ተጋደልቲ ተ. ሓ. ኤርትራ፡ ንስለ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ፡ ንእስነቶም ኣብሊዮም ክንሶም፡ ሓመድ ዓዶም ከይረገጹ ኣብ ስደት ከርተት ይብሉ ምህላዎም እናዘከርኩ ኢየ። እዚ ስዒብ ዝዛረበሉ ነጥብታት ግን መብዛሕትኡ፡ ንተመኩሮይን ተመክሮ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግምባርን (ኣነ`ውን ከም ኣባል) ዝምልከት ኢዩ። ኣብዚ`ውን ንኹሉ ዝበሃል በብሓደ ምዝርዛር ዘድሊ ኣይመስለንን፡ ንሎሚ ግን ብዉሑዱ ኣብ ገለ ካብተን ቀንዲ ነጥብታት ከም ኣብነት ወሲደ ክዛረብ ኢየ።

**ገለ ካብቲ ዝበሃል ፡ -**

ሀ. ንኢሰያስ እምበር ንህዝቢ (ንዓና) ኣይተጋደልኩምን

ለ. ጎዶሎ ናጽነት ሒዝኩም ኣቲኹም

ሐ. ብረት ነይሩኩም እንድዩ

መ. ተጋደልቲ ህዝባዊ ግምባር ካብ ህግደፍ ኣይበተኹን

ረ. ተጋደልቲ ንሶምን ኣተሓሳስባኦምን ክጎሓፉ ኣለዎም

ሰ. መንእሰይ ንበይኑኻ (ብዘይ ተጋደልቲ) ተቓለስ

## ሀ. "ንኢሰያስ እምበር ንህዝቢ ኣይተቃለስኩምን"

እዚ ዘረባ`ዚ ኣብ ገለ ካብ ኣንጸርጽሮት፡ ኣብ ገለ ድማ ካብ ዘይብስለት ብኣዝዮም ውሑዳት ግን ከኣ ዕሽው ዝበሉ ሰባት ዝድርበ ቃላት ኢዩ። ሎሚ ንሰምዖ ዘለና ብሱልን ዘይብሱልን መግለጺታት ገዲፍካ፡ ሓያሎ ዓመታት ንድሕሪት (ናብ ዘመነ ገድሊ) ተመሊስና፡ ንተጋደልቲ ህዝባዊ ግምባር "ኢሰያስ መን`ዩ?" ዝብል ሕቶ እንተ ዝቐርበም "ኢሰያስ ከማና ተጋዳላይ ኢዩ፡ ሓደ ካብ ኣባላት መሪሕነት ድማ ኢዩ" ዝብል መልሲ እምበር፡ ኣልፋን ኦመጋን ናይቲ እንስዋኣሉ ዝነበርና ዕላማ ምንባሩ፡ ወይ ምእንትኡ ኢየ ዝጋደል ዘለኹ" ዝብል ተጋዳላይ ዋላ ሓደ`ኳ ኣይምተረኽበን።

እቲ "ኢሰያስ መን`ዩ?" ዝብል ሕቶ፡ ነቶም ብህይወት ዝኣተዉ ተጋደልቲ፡ ድሕሪ ናጽነት እንተ ዝሕተቱ`ውን፡ ሓደ ክልተ ብረብሓ ዝተታሕዙ ገዲፍካ፡ እቲ መልሲ "ንሱ ሕድሪ ብጾቱ ዝጠለመ፡ ህዝቢ ዝበተነን ሃገር ዘባደመን ስሱዕን ገበነኛን ኢዩ" ዝብል መልሲ ምሃቡ።

እዚ ዘረባ`ዚ እምበኣር፡ ዘይሓላፍነታዊ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኤርትራዊ ሓርበኝነት ዘዋርድ፡ ነቶም ንኹሉ ናይ ህይወት ኣማራጺታት ንድሕሪት ገዲፎም፡ ንስለ ህዝቦምን ሃገራዊ መንነቱን በረኻ ዝወፈሩ ተጋደልቲ ድማ ዓቢ ሕልናዊ ማህሰይቲ ኢዩ። ስለዚ ዝኾነ ሓልዮት ህዝብን ሃገርን ኣለንኒ ዝብል ዜጋ ጠጠው ኢሉ ክዳፋዓሉ ዘለዎ ግዕዙይ ዘረባ ኢዩ።

## ለ. "ጎደሎ ናጽነት ሒዝኩምልና ኣቲኹም"

እዚ`ውን ዝኾነ ፖለቲካዊ ብስለት ዘይብሉ፡ ናይ ዘረባ ክእለት ኣለንኒ ዝብል ኤርትራዊ `ሰው` ዘብሎ ዘረባ ኢዩ። ገለ ሰባት ኣብ መንጎ ሃገራዊ ናጽነትን ህዝባዊ ሓርነትን ዘሎ ፍልልይ ኣይርዳኡን ኢዮም። ሃገራዊ ናጽነት (ልኡላውነት ሃገር) እቲ ናይ ሓርነት ሰራዊት ኣብ ልዕሊ መግዛእታዊ ሰራዊት ብዘመዝገቦ ዓወታት ኢዩ ዝረጋገጽ። ተጋደልቲ ድማ ነዚ ሕቶ`ዚ፡ ንእስነቶምን ክቡር ህይወቶም ከፊሎም፡ ብልክዕ ኣረጋጊጾሞ ኢዮም።

ህዝባዊ ሓርነት ግን ብረት ብዝዓጠቁ ውሑዳት ሰባት ጥራይ ዝረጋገጽ ኣይኮነን። እቲ ህዝቢ ባዕሉ ምእንቲ መሰሉ ብዝገብሮ ልዑል ውዳበን ንስለ ፍትሒ ብዝኸፍሎ መስዋእትን ኢዩ ዝረጋገጽ። እቶም ሃገራዊ ናጽነት ዘረጋገጹ ተጋደልቲ ድማ፡ ኣብታ ልኡላውነታ ዘረጋገጹት ሃገር፡ ከም ኩሉ ደርባዊ ሕ/ሰብ፡ ዝበዝሖ ኣብ ጎድኒ ህዝቦም፡ ገሊኦም ድማ ምእንቲ ውልቃዊ ረብሓኦም ኣንጻሩ ክስለፉ ባህርያዊ ኢዩ። ንተጣበቕቲ "ጎደሎ ናጽነት" እምበኣር፡ ተጋደልቲ ንሕሱም መግዛእታዊ ሓይሊ ካብ ምሉእ ሃገር ኣባሪሮሞ ኢዮም። እንተ`ቲ ንእኩያት ደቂ ሃገር ካብ ስልጣን ኣሊኻ ልዕልና ሕጊ ምርግጋጽ ግን ንነብሲ ወከፍ ዜጋ ዝምልከት እምበር፡ ንተጋደልቲ ጥራሕ ዝግደፍ ስራሕ ኣይኮነን። ስለዚ ካብ ከምዚ ዝበለ ናይ ሃበስ ቀደስ ዘረባ ወጺእኩም ኣብ ጎድኒ`ቶም ምእንቲ ፍትሒ ዝቃለሱ ዘለዉ ተጋደልትን ካልኦት ኣሕዋትኩምን ደው ኢልኩም እጃምኩም ኣበርክቱ እብሎም።

## ሐ. "ተጋደልቲ ሰብ ብረት እንድዮም ነይሮም" . . . ዝበል ዘረባ

መበገሲ ናይ`ቶም ነዚ ዘረባ`ዚ ዝደጋግሙ ሰባት፡ "ኢሰያስ ካብ ቀደሙ ቀታሊ ምዃኑ ይፈልጡ ነይሮም እንድዮም፡ ንሱ ከይቀደምም በቲ ዝሓዝዎ ብረት ዘይቀትልዎ ነበሩ" ዝብል ኢዩ። እዚ ኣበሃህላ`ዚ ንባዕሉ ነቲ ሓፋሽ ተጋዳላይ ዝምልከት ዘይኮነስ፡ ናብቶም ኣብ ጥቓ ኢሰያስ ዝነበሩ ሓለፍቲ ጥራይ ዘነጻጸረ ኢዩ ዝመስል። ስለዚ እቶም ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ናይ ሓላፍነት ዝነበሩ፡ ሕጂ ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን ባይታ ዘለዎም ሰባት ክምልስሉ ዘለዎም`ኳ እንተኾነ፡ ግዝኣተ ሕጊ ዘረጋገጽ ግን (ነብስኻ ንምክልኻል ዝውሰድ ስጉምቲ ኣብ ቦትኡ ሃልዩ) ንቀታሊ ኣብ ሕጊ እንተ ኣቕሪብካዮ እምበር፡ ንባዕልኻ ናብ ሕጊ ተቐይርካ ስለ ዝቐተልካዮ ኣይኮኣነን። ኢሰያስን ጉጅልኡን ቀተልቲ እንተነይሮም፡ ነቲ ምቅትታል ብጸልማትን ብሰላሕ መላሕን ዝገበሩዎ ድኣ`ምበር፡ ሰብ ኣኪቦም ብእዉጅ ዝተገብር ኣይነበረን። እዚ ኣበሃህላ`ዚ እምበኣር፡ ናይቶም ንነብሶም ክውፈዩ ዘይደልዩ፡ ካልኦት ኣብ ዘረጋገጽዎ መሰልን ትኳቦን ዝነብሩ፡ ናይ በለጸኛታትን ሰነፋትን ዘረባ ምኻኑ ክበርህ ኣለዎ።

ንዝርግሐ ብረት ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ብዝምልከት ግን፡ ካብቲ ስርዓት ሃይለ-ስላሴ ብስም `ነጬ - ለባሸ` ኣብ ብዙሓት ገጠራትን ከተማታትን ሃገርና ጠመናጁ ካብ ዝዝርግሕ ጀሚሩ (1967 ዓ.ም) ኣብ ኤርትራ ብረትን ዕርፍን መኻይዲ ምንባሮም ክበርህ ይግባእ። ስለዚ ክገብር ንዝደሊ ሰብ፡ ሰኣን ብረት ጠጠው ዝብል ኣይመስለንን። ንስኻ ክትገብሮ ንዘይደለኻን ዘይከኣልካን፡ ብናይ ካልኦት ስንፍና ክትገልጾ ምፍታን ግን ቅኑዕ ኣይኮነን። ምስሉይነት ከኣ ኢዩ።

## መ. “ተጋደልቲ ህዝባዊ ግምባር ካብ ህግደፍ ኣይበተኹን”

ውልቀ-መለኽቲ ነቲ ኣንጻሮም ዝለዓል ህዝባዊ ተቓውሞ ንምጭፍላቕ ኩሉ ዓይነት ስጉምቲ ከም ዝወስዱ ዘካትዕ ኣይኮነን። ህግደፍ`ውን ንገለ ተጋደልቲ በረብሓ ደሊሉ ወይ ቅድም ብዝፈጸምዎ ገበናት እናኣፈራርሐ፡ ደምበ ተቓውሞ ንምዝራግ ዘይፍትን ኣይኮነን። ህግደፍ ተኣልዩ ቅድም ዝፈጸምዎ ገበናት ኣብ ህዝቢ ከይቅላዕ ዝፈርሑ፡ ምእንትኡ ድማ ህግደፍ ክጸንሓሎም ዝደልዩ ገለ ሓለፍቲ`ውን `ምስቲ ስርዓት ኣይተሓባበሩን ኢዮም` ንምባል ዝከኣል ኣይኮነን። እንተ`ቲ ብረብሓ ምድላልን ምስዓዕን ግን፡ ካብቶም ምእንቲ ረብሓ ህዝቦም ጥዑም ገዲፎም ህይወቶም ክብጅዉ በረኻ ዝወጹ ተጋደልቲ ንላዕሊ፡ ነቲ ካልእ ክፋል ሕብረተ ሰብ ምድላል ዝቐለለ ምዃኑ ክስሓት የብሉን። እዚ ማለት ግን ተጋደልቲ ዝነበሩ ፍጹም ኣይድለሉን ኢዮም` ናብ ዝብል መደምደምታ ዘብጽሕ ኣይኮአነን።

“ተጋደልቲ ህዝባዊ ግምባር፡ ካብ  ህግደፍ ኣይበተኹን” ዝብል ኣበሃህላ ግን ውሽጣውን ግዳማውን መበገሲታት ከም ዘለዎ፡ ብዙሓት ኣፍልጦ ዘለዎም ሰባት ይዛረቡ ኢዮም።

እቲ ውሽጥእዊ ዝበሃል፡ እቶም ዝሓሸ ፖለቲካዊ ብስለትን ተመክሮን ዘለዎም ተጋደልቲ፡ ነቲ ኣንጻሩ ዝቖነዐ ናይ ህዝቢ ተቓውሞ ከይውድቡዎን ከይጥርንፍዎን ስለ ዝሰግኣ፡ ህግደፍ ባዕሉ ኮነ ኢሉ ውሽጢ ውሽጢ ብመርበባት ሓበሬታ ባዶ ሰለስተ ዝዝርግሖ መናውራ ኢዩ። ንብዙሓት ድማ ኣደናጊሩ ኢዩ። ከም ሳዕቤኑ ብዙሓት ናይ ምውዳብን ምምራሕን ተመክሮ ዘለዎም ተጋደልቲ ነብሶም ስለ ዘግለሉ፡ ዝመርሖን ዝጥርንፎን ዝሰኣነ ደምበ ተቓውሞ ነንሕድሕዱ ክናኸስ ይረአ ኣሎ። ውሑዳት “ካብ ትም ምባል፡ ገለ ምግባር ይሓይሽ” ዝበሉ ተጋደልቲ ድማ፡ በቶም ዝተደናገሩ ግን ከኣ ኣብ ጎድኖም ደው ክብሉ ዝግበኦም ሰባት ወይ ተዘሊፎም ወይ ሰማዒ ስኢኖም፡ ተሳታፍነቶምን ተበግሶኦምን ከድምዕ ኣይከኣለን።

እቲ ግዳማዊ ሸነኹ ድማ፡ እቲ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ተራን ሓለፍትን ተጋደልቲ ኤርትራ ዝተጠርየ ጽንዓት፡ ተወፋይነት፡ ሕራነ ኣብ ዕላማን ሓቦን ዝመለለይኡ ፍሉይ ሕላገት ተጋዳላይ በቲ ሓድሽ ወለዶ ክውረስ፡ ብናይ ከባቢና ናይ ግዳም ሓይልታት ዝድለ ኣይኮነን። ንሳቶም እንተሰሊጡዎም፡ ቆርበት በጊዕ ተኸዲኖም፡ ሓለይትን ተደናገጽትን እናመሰሉ፡ ንኡስ ኤርትራዊ ወለዶ ንክብርን ጽንዓትን ኣቦታቱ ክጽየንን፡ መጋበርያ ስዉር ዕላማታቶም ክገብርዎን ዘይደልዩ ኣይኮኑን። እቲ ሓሓሊፉ ዝስማዕ፡ ንክብሪ ናጽነት ሃገርና ዘነኣእስ፡ ነቲ ምእንትኡ ዝተኸፍለ መስዋእትን ነቲ ናጽነት ሃገር ዘዕተረ ተጋዳላይን ዘቛሸሸ መደረታት ድማ ካብዚ ኣተሓሳስባታት’ዚ ነጻ ኢዩ ኢልካ ምሕሳብ የዋህነት ኢዩ።

እቶም ናይ ግዳም ሓይልታት ምእንቲ ክብሪ ህዝቦምን ግዝኣታዊ ሓድነት ሃገሮምን ልዑል መስዋእቲ ዝኸፍሉ ክንሶም፡ ነቲ ምእንቲ ክብሪ ህዝቢ ኤርትራን ሃገራዊ ልኡላውነታን ዝተኸፍለ ዋጋ ግን የነኣእስዎ ኢዮም። ብወገነይ ኤርትራዊ ወለዶ ነቲ ጽቡቕ ካብቲ ክርዳድ ናይ ምፍላይ ዓቕሚ ከጥሪ ይግባእ በሃላይ ኢየ። ከጥሪ ጥራይ ዘይኮነ`ውን ምእንቲ ናይ ገዛእ ርእሱ ክብርን፡ ክብሪ ኣቦሓጎታቱን ክዳፋዓሉን ክከላኸለሉን ይግባእ። ስለዚ እቲ ኣብ መርበባት ሓበሬታ ፓል-ቶክ፡ እንተ ብዕሽነቶም ወይ ተላኢኾም ብገለ ዘይሓላፍነታውያን ሰባት ዝዝረብ፡ ንሓርበኛነት ኣያታቶምን ኣቦታቶምን ዘቖናጽብ ዘረባ፡ ሰማዒ ክረክብ ዘይኮነስ፡ ከም ዘረባ ክመጽእ`ውን ክፍቀደሉ የብሉን።

እዚ ንመንነት ንኡስ ኤርትራዊ ወለዶ ዘጽርፍ ዘይውርዙይ ዘረባታት`ዚ፡ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኬንያ፡ ሱዳን ወይ ኣብ ዝኾነት ናይ ዓለምና ሃገር ፡ብተመሳሳሊ ኣገባብ ንክብሪ ኣቦታቶም ዝዝልፍ ዘረባታት ኣንተ ዝዝረብ፡ መንእሰያት ናይተን ሃገራት እንታይ ግብረ-መልሲ ምሃቡሉ ኢልና ክንሓስብ ይግባእ። ስለዚ ንኡስ ኤትራዊ ወለዶ፡ ግዳይ ናይቶም ቆርበት በጊዕ ተኸዲኖም ዝመጽኡዎ ኣትማን ክኸውን የብሉን።

## ረ. “ተጋደልቲ፡ ንሶምን ኣተሓሳስባኦምን ክጎሓፉ ኣለዎም”

ኣብዚ ነቲ `ምጉሓፍ` ዝብል ዘይውርዙይ ዘረባ ንጎኒ ገዲፈ ኢየ ክዛረብ። ምኽንያቱ ኤርትራዊ ባህሊ ኣቦታቱ ዘኽብርን ንዝኣረጉ ዝጥውርን እምበር፡ ንዝሸምገለ ዝጉሕፍ ወይ ዘናሽው ኣይኮነን። ገለ የዋሃት ዝመስሉ፡ ነዚ ኣበሃህላ`ዚ ዝደግሙ ሰባት ዝህብዎ ምኽንያት “ተጋደልቲ ኣብ ጀብሃን ሻዕብያን ዝተኸፋፈሉ፡ ኣውራጃውን ወገናውን ስምዒታትን ምክፍፋልን ዘዘውትሩ፡ ብዓቢኡ ድማ ካብ ቅርንትን ህልኽን ስለ ዘይተገላገሉ፡ ኣብዚ ናይ እዋንና ፖለቲካዊ ስራሕ ክሳተፉ የብሎምን” ዝብል ምኽንያት ይህቡ ኢዮም። እዚ ኣበሃህላ`ዚ ዘደናግሮም ኣሕዋት እንተልዮም “ተጋደልቲ ብኸምዚ ዝበሃል ዝተመቓቐሉ እንተ ነይሮም፡ ነቲ ኣብ ጸሊም ኣፍሪቃ ዝበርትዐን ዝሓየለን ወታደራዊ ዓቕሚ ዝነበሮ መግዛእታዊ ስርዓት ክስዕርዎ ምኸላኡ`ዶ?” ኢሎም ንነብሶም ተመሊሶም ክሓትዋ ጥራይ እላበዎም።

እዚ ቀሊል ዝመስል ኣበሃህላ`ዚ ግን ሓደገኛ ፖለቲካዊ ዕላማ ዘለዎ ኮይኑ፡ ብድሕሪት ዝዝውርዎ ሓይልታት ክህልዉ ከም ዝኽእሉ ክስሓት የብሉን። እቲ ቀንዲ ምኽንያት እቲ ክብ ኢሉ ኣብ `መ` ተዘርዚሩ ዘሎ ኮይኑ፡ ንኡስ ኤርታዊ ወለዶ ኣብ ናይ ክትዕ መድረኻት ዘተኣናግዶ ዘይኮነንስ፡ ተሪሩ ክዳፋዓሉ ኢዩ ዝግባእ። ሕጂ`ውን እቲ ጽንዓት፡ ተወፋይነት፡ ሕራነ ኣብ ዕላማን ሓቦን ተጋደልቲ፡ ኣብ ደም ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ ሰሪጹ፡ ምስቲ ንግዝኣተ ሕጊ ዝገብሮ ቃልሲ ከወሃህዶን ከም ክቡር ኤርትራዊ ባህሊ ክወርሶን እምበር፡ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከእትዎ የብሉን። ናይ ውሽጥን ናይ ግዳምን ተጻባእቲ ሓይልታት፡ ነቲ ገበነኛታት መራሕቲ ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ዝፍጽምዎ ገበን ተጠቂሞም ንመሰረታዊ ክብርታትናን ጽንዓትናን ክብውዝዎ ክፍቀዶም የብሉን።

## ሰ. “መንእሰይ ንበይንኻ (ብዘይ ተጋደልቲ) ተቓለስ”

እዚ ኣበሃህላ`ዚ እውን፡ ገለ ሳስቤኑ ካብ ዘይምርዳእ ክደጋግምዎ ዝጸንሑ፡ ህግደፍን መሰልቶምን ግን ብመደብ ብናይ ስለያን ጸጥታን መሓውራቶም ዝሰርሕሉን ብዙሕ ገንዘብ ዘፍሰስሉን ኣተሓሳስባ ምዃኑ፡ ኣፍልጦ ዘለዎም ሰባት ይመኽሩ ኢዮም። ኣብ ምድኻም ደምበ ተቓውም ድማ ኣብ ታሪኽና መወዳድቲ ዘይብሉ ሃስያ ፈጺሙ ኢዩ። ብዙሕ እዋን “መንእሰይ ናይ ለውጢ ሓይሊ ኢዩ” ክበሃል ይስማዕ ኢዩ። እዚ ማለት ግን፡ እቲ ምሉእ ኣካላዊ ብቕዓት ዝውንን፡ ከም ድላዩ ዝጎይን ዝነጥርን ውዑይ ዕድመ፡ ኣብቲ ንለውጢ ዝግበር ቃልሲ ዝለዓለ መስዋእቲ ዝኸፍል ንሱ ኢዩ” ንምባል እምበር፡ “እቲ ዝግ ኢሉ” ክሓስብ ዘይተዓደለ ንኡስ ዕድመ፡ ልዕሊ`ቶም ብተመሳሳሊ መስርሕ ሓሊፎም ልዑል ተመኩሮ ዝደለቡ ኣቦታቱን ኣያታቱን ናይ ምውዳብን ምምራሕን ዓቕሚ ኣለዎ” ማለት ኣይኮነን። ከምቲ ወዲ ሓረስታይ፡ ናውቲ ማሕረስ ኣዋዲድካ ምሕራስ ካብ ኣቡኡ ዝመሃር፡ ወዲ ነዳቓይ እምኒ ጸሪቡ - ኲረት ደጊፍካ ምንዳቕ ካብ ኣቡኡ ዝመሃር፡ ኣብ ፖለቲካን ምሕደራን ዝነጥፍ መንእሰይ እውን፡ ኣብ ተመሳሳሊ ሞያ ተመክሮ ምስ ዘለዎም ዓበይቲ ከይተጸግዐን ከይተማህረን፡ ኣብቲ ሞያ ብቕዓት ዘለዎ ስራሕ ክሰርሕ ዘለዎ ዕድል ጸቢብ ኢዩ። ምናልባት እንተ ሰሊጡዎ ድማ ሓይልን ቅንጸላን ኣሰንዩ ጥራይ ኢዩ ክበጽሖ ዝኽእል።

ኣብዚ መዳይ`ዚ እውን ንኡስ ኤርትራዊ ወለዶ፡ ንክብርታት ኣቦታቱ ወሪሱ ከማዕብሎን ክውስኽሉን እምበር፡ ካብኦም ክንጸልን ንክብርታቶም ከቋሸሽን እንተ ፈቲኑ ከይተፈለጠ መሳርሒ ናይ ተጻባእቲ ሓይልታት ይኸውን ከም ዘሎ ክበርሃሉ ይግባእ።

ኣብዚ መዳይ`ዚ ጸቒጠ ክዛረበል ዝደሊ፡ ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝነብሩ ሰባት ኣብ ፖለቲካዊ ኣረኣእያኦም ክፈላለዩ ባህርያውን ቅቡልን ኢዩ። እቲ ምፍልላይ ካብዚ ሰጊሩ፡ ኣብ መንጎ ተጋደልትን ዘይተጋደልትን፡ ዓበይትን ናእሽቱን ከምኡ`ውን ሃይማኖትን ከባብን እንተ ተሓሲሱዎ ግን መንገዲ ዕንወትን ስዕረትን ምዃኑ መንእሰያትና ክፈልጡ ይግባእ።

## ተጋዳላይን ናጽነት ኤርትራን፡ ሓደ ኣካልን ኣምሳልን ኢዮም

ከም መጠቓለሊ ናይዚ ክብ ኢለ ዝገለጽኩዎ ነጥብታት፡ ሓሳባተይ ኣብዚ ዝስዕብ ክጸምቆ ጽቡቕ ይመስለኒ። ናጽነት ሃገር ይኹን ኤርትራዊ መንነት፡ ፍረ ቃልስን መስዋእትን ተጋዳላይ ኢዮም። “ብኤርትራውነተይ እኾርዕ ኢየ” እናበልካ፡ ነቲ ኤርትራዊ መንነት ክዉን ዝገበረ ተጋዳላይ ምንሻው ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ክኸውን ዘለዎ ወይ ንኽልቲኡ ተቐቢልካ፡ ብኤርትራውነትካ ኮሪዕካ ነቲ ናብኡ ዘብጽሓካ ተጋዳላይን ጻምኡን ክብሪ ምሃብ ኢዩ፡ ወይ ድማ ንኽልቲኡ ነጺግካ፡ ካልእ ኣማራጺታት ኣብ ምድላይ፡ ኣብ ሓሸውየ ኮለል ምባል ኢዩ። ተጋዳላይን ናጽነት ኤርትራን ዘይነጻጸሉ ሓደ ኣካልን ኣምሳልን ኢዮም። ዋላ እቶም ኣብ ስርዓት ህግደፍ ዝለዓለ ጽፍሒ ናይ ስልጣን ሒዞም ዘለው ተጋደልቲ ነበር ሓለፍቲ እውን፡ በቲ ኣብ ገድሊ ዘሕለፍዎ ህይወት ዘጽልእ የብሎምን። እንተ`ቲ ኣብ እዋን ገድሊ ኣብ ልዕሊ ብጾቶም ተጋደልቲ ዝፈጸምዎ ግፍዒ ይኹን ሕጂ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ዝፍጽምዎ ዘለው ገበናት ግን ብሕጊ ክንፋረዶም ይግባእ። ነዚ ንምግባር ከኣ ኢዮም፡ እቶም ናጽነት ሃገር ዘረጋገጹ ተጋደልቲ፡ ኣብ ዳግማይ ቃልሲ ተጸሚዶም ዘለዉ። ስለዚ እዚ ስም ተጋዳላይ እናኣልዓልካ ብኣልማማ ምንሻው፡ ህግደፍ በመደብ ዝጉስጉሰሉ፡ ናይ ከባቢና ሓይልታት ድማ ብርኡይ ዝሰርሕሉ ዘለዉ ስለ ዝኾነ፡ ኲሉ “ፍቕሪ ሃገር ኣለኒ” ዝብል ዜጋ ፖለቲካዊ ሳዕቤኑ ተረዲኡ ብጥንቃቕ ክሓስበሉን፡ ነቶም ብግርህና ዝደጋግሙዎ ድማ ዓገብ ክብሎምን ይግባእ።

ኣብ ዝቕጽል ካልኣይ ክፋል ድማ፡ እቶም ግዳያት ናይ ዘይውርዙይ ዘለፋታት ኮይኖም ዘለዉ፡ ሃገራዊ መንነት ዘዕተሩ ጀጋኑ ተጋድልቲ፡ ኣብታ ብደሞም ዝተረጋገጸት፡ ብግህደፍ `ቁማር` ዝተባህለት ሃገሮም፡ ነቲ ብዕጽፍጻፍ ዝዓብዮም ጸላኢ ድሕሪ ስዒሮም ናጽነት ድሕሪ ምርግጋጾም፡ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ይነብሩ ከም ዝነበሩን ከም ዘለዉን ኣሕጽር ኣቢለ ክገልጽ ኢየ።

ታደሰ ኪዳነ    በርሚንግሃም

ይቕጽል . . . . .